## *** ዓገብ ***

መቦኮርያ የህጊጎም ውድ ቀጠር
ናይ ሰብ ከርበ ዕጣን ዛርቲ መቕር
ሰኽቲቶማ ገንፋሉ ዳካኣ ነቓዕ ጀበንኦም
መሽረቕረቕ ከም ዘሎ ኣንታ ረሲያም

ኣንኳን እዛ ሕንጫል ዘይላደየት ጀበና
ጃሚዓ ጥሪ ዶ ኣይረኣናን ጥተጠፍጠፈት ብኢድ ጓና
ኣብ ምዕስማ ከይበጽሐት ኣብ ዝባን ፎርቶ ሸዋሕ ዝበለት
እንታይ ድኣሉ ደቀይ ሒቕታ ሕሉቓት መስደመም ብኡነት

ገጽካ ስለዘይተሸፈንካ ካን ከምዛ ዕፉን
መቕንዓት ተጎልቢብካ ክትበሃል መጠውዒን
ዘይናትካ ክትለብስ ዘይባህልኻ ክትውንን
ቃዲ ዶ ኣዚዙካ ቁርኣን ንመን ዲኻ ትኣምን

ዓድኻ እኮ ዓዲ ስሙር ህዝቢ ብውህደቱ ዝልለ
መን እዩ ኸ ደቂ ክልተ ሃይማኖት ኢና ዝበለ
ሓደ ምኳንና እንድዩ ደኣ ጥሙራት ማእዶ
ኣፋስጋን ዒድን ኣብ ሓደ ደንበ ኣይነብዕልን ዶ

ጓል ቀሽን ወድሓጅን ኣብ ሓደ ጉድጓድ ደፊንና
ኣብርሃምን ኢብራሂምን ዶ ኣይኮናን ንስለ ሓድነት ቀቢርና
ደቂ ኢብራሂም ሱልጣን ደቂ ወልደኣብ ወልደማርያም
ሕጂ ደኣ ካበይ መጸ እዚ ተካል ሕማም

ነዛ ደሴት ሰላም ቅድስቲ ኤርትራ
መፍቶ ክትገብራ ግዳይ ወስላቲት ኣልጀዚራ
ኣንታ እንታይ ዓዚሙካ እምኒ ኣርብዓታት ትፍንቅል
ብዋጋ ሓድነት ሲ ኣብ መሽረቕረቕ ደኣ ከምታ ጀበና ትግንፍል

ሕሰር ኢሉካ እምበር ቀጠር ዶ ኣድሒና ሕጂ
ላግጺ የለን ብዋጋ ሓድነት ዝቋመር ልዕሊ ሕጊ
ዝዓስወ እንጀራ ኣብ ሓድሽ ሞሶብ መዓስ ተሓዲሱ
ብዋጋ ርግኣት ዝመጸና ከም ተመን ዕዳጋ እያ ፈውሱ

እንታይ እዩ ኸ ሽሪዓ እንዳበልካ
ናጽነት ደቆም ዝሕርጁ እዚኣ ኤርትራ እያ መዓስኮ ኮይና ማካ
ቃና ሕሉቓት ዝግዕሩ ብመዋሎ ዝቃነ
ብደም ዝመጸት ኣይትድፈርን ብበዓል ዕነ ምነ

ሓድነት ዝፈታተን ምፍልላይ ዝህቅን
ትሕቲ ሃገራውነት ብሃይማኖት ዝውግን
ላግጺ የለን እንታይ ከ ክብሉ እቶም፡ዝሓለፉ
ህዝቢ ሸዕብን ሰንሒትን ሕርጊጎን
ብኣባይ ዝተቕዝፉ

እቲ ንጹህ ህዝቢ ዝተገወሐ ብሳንጃ
ህዝቢ ወክድባ ዕና ኣቁርደት ዝሓለፈ በጃ
እቲ ኣብ ሸላ ዝሓቐቕ ዕስማን ቡሪ
እንታይ ከ ክብለኩም ንኣባዩ ተቐብሉ በትሪ

ይስምዑ ኣለዉ እቲ ወዲ ሓጂ እታ ጓል ቀሺ ሰማእቲ
ይስምዑ ኣለዉ ቁሚጦ ክብተን ከፈላለ ብእንዳእቲ
ይስምዑ ኣለዉ ንፋስ ቀልቀል ንፋስ ዛርቲ
ላግጺ የለን መብጽዕኦም እያ ኤርትራ ሓንቲ

ኣሸናፊ ኣብርሃም (ኣሼ)
ጀርመን